29/4/2012

# ሓንካስ ዘውረዮ ፈረሰኛ ነይመልሶ

**ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ “ ንህዝቢ ኤርትራ ብውግእ ክንስዕሮ ካብ ዘይከኣልና ብወረ ንስዓሮ ብዝብል**

ንምእማኑ ዘጸግም፡ ናይ ሓሶት መናፍሓት ክነፍሑ ቀንዮም ዮም፡፡ እዞም ናይ ዉሽጥን ናይ ግዳምን ሓሰውቲ፡ ኩሉ ግዜ መዓልቲ ናጽነት ክቐርብ ከሎ፡ ህዝቢ መታን ነታ ሂያብ ስዉኣቱ ዝኾነት መዓልቲ ናጽነት ብሓጎስ ከየብዕላን ከየስተማቕራን፡ ንህዝቢ ሞራሉ የውድቕ ኢዩ ዝብልዎ ሓሶታት ካብ ምምሃዝ ዓዲ ዊዒሎም ኣይፈልጡን ዮም፡፡ ደድሕሪ ኣድጊ ዝኸደ ------------------ህላ እንተዘይለመደስ------------ለመደ ከምዝባሃል፡ እዞም መቐለ ዝመደበሮም ኤርትራዉያን ኢና በሃልቲ፡ ናይ ወያነ ናይ ሓሶት ባህሊ ከምዘላታ ብምቕዳሕ፡ ሓለይቲ ሃገርን ህዝብን ተመሲሎም ህዝቢ ሞራሉ የውድቕ ኢዩ ዝብሉዎ ሓሶታት ይነዝሑ ሎዉ፡፡ እዚ ለንቅነ ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ ሞይቱ ኢሎም ዘውረይዎውን ኮነ ኢልካ ህዝቢ ቀሲኑ መዓልቲ ናጽነቱ ንኸየብዕል ዝተኣልመ ማእለማ ኢዩ ነይሩ፡፡ እዞም ሓሰውቲ፡ ንርእሲኦም ብሓሶት ተጠላቕዮም፡ ኣብ ዓዲ ዘሎዉ ቤተሰቦም ኮኑ መቕርቦም ደይበሉዎም ኢሎሙና እንዳበሉ ብዘይ ወዓልዎ ከም መርትዖ ንሓሶቶም ተጠቒሞሙሎም ዮም፡፡ እዚ ድማ ናይ ገበን ገበን ኢዩ፡፡ እዞም ሃሱሳት ኮራኩር ዎያነ ፕረሲደንት ኢሰያስ ሞይቱ ኢሎም፡ ንኤርትራ ናብ ኣውራጃውን ቀቢላውን መቓቐልካ ከመይ ገርካ ህርፋን ስልጣንካ ተርዊ ክሕንጹጹ ኢዮም ቀንዮም፡፡ ኣብ ህዝብን ንብረትን ዝወርድ ጉድኣት ግን ኣይጉዳዮምን ኢዩ፡፡ ወዳጀ ሕንጻጽ ሃላያት። ገለ ካብ ናይ ድንቁሩና ሕልሞም ዘይተበራበሩ ኢትዮጵያዉያንውን ኢሰያስ እንድሕር ሞይቱስ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ክትምለስ ኢያ ክብሉ ተሰሚዖም፡፡ መዓስ እዚ ጥራሕ ግን፡ ገለ መርበባት ወያነ ድሕሪ ኢሰያስ ክንዳሎ ኣሎና ክብሉ ናብ ህዝቦም ሓበሬታ ዘርጊሖም ኢዮም፡፡ እንታይ ኢዩም ዝዳለዉዎ? እወ ሕልሚ ደርሆ እንድዮ እቲ ሕልሞም፡ ድሕሪ ኢሰያስ ኤርትራ ካለኣይቲ ሶማሊያ ክትከዉን ኢያ፡ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ድማ ጡጡሕ ባይታ ክፍጠረልና ኢዩ ኢሎም ኢዮም ዝሓልሙ ደለዉ ፡፡ ነዚ እኪይ ሕልሞም ክውን ንምግባር ድማ ኣብ መንጎ ኤርትራዉያን ቋንቋ ኤርትራ ዝዛረቡ ኣስሊኾም ህዝቢ ብሓሶት ክበታትኑ ድቃስ ሲኢኖም ኣሎዉ፡፡ እዞም ናይ ደገን ናይ ዉሽጥን ሓሰውቲ ግን ክርድኡዎ ዘሎዎም፡ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ደገ ደሎ ኮነ ኣብ ዉሽጢ ኢሰያስ ምዃኑ ክውሕጥዎ ዘሎዎም ሓቂ ኢዩ፡፡ ኩሉና ነበርቲ ኣይኮናን፡፡ እታ መሬት ግን ነባሪት ኢያ፡፡ ብደም ስውኣትና ዝጠልቀየት፡ ብዕጽምቲ ስዉኣትና ዝተሓጽረት መሬትና መጻወቲ ወያነን **ወኻሩ** ዎያነን ክትከዉን ኣይነፍቅድን ኢና፡፡ ኣማዕቢልና ንድምጽእ ወሎዶ ከነረክባ ካብ ስዉኣትና ዝተቐበልናዩ ሕድሪ ስለዝኾነ፡ ሕጂውን ከምትማሊ ሓድነትና ኣትሪርና ሕድሪ ስዉኣትና ከነተግብር ከምኡውን፡ ንኹሉ እንተታት ድሉዋት ምዃና ንኹሎም ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ከነብራሃሎም ንደሊ፡፡

መደምደምታ

ዝኸበርኩም ኤርትራዉያን፡ በዚ ዝቐነየ ሓሶት ገለ ሎዋሃት ክጭነቑ ተራእዮም ኢዮም፡ ዝበዝሕ ህዝቢ ግን ኣብ እዋን መዓልቲ ናጽነት ክምልሙድ ዝፍኖ ሓሶት ምዃኑ ኣይጠፍኦምን፡፡ እቲ ሓሶት ተኸሺሑ ኣሎ፡፡ ግብረ መልስና ንሓሶቶምን ሕማቕ ትንቢቶምን ክኸውን ዘሎዉ፡ መዓልቲ ናጽነትና ከምቲ ብውዕዉዕ መንፈስ ከነብዕሎ ንዳለወሉ ደሎና ብዝበለጸ ንምብዓሉ ንዳሎ፡፡ እቶም ዝሕስዉ ሓንካሳት ኣእሙሮ፡ ከነለልዮም ይግባእ፡፡ ሓንሳብ ክሕስዉ ይኹእሉ ዘላኣለም ግን ግዳይ ሓሶቶም ክንከውን ኣይግባእን፡፡ ነዞም ሓሰውቲ ብሙሉኦም ድማ <u>“ ኮፍ ንግፍ”</u> ዝብል መጸውዒ ሳጓ ከንጠምቐም ንፈቱ፡፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ንበዓል ኮፍ ንግፍ ዋጋ ኣይንሃቦም፡፡ እዛ ትስዕብ ናይ ኣቶ ኣተወ ብርሃን ደርፊ ከነዘኻኽሮም ንደሊ፡

**ኪድ መንገዲ ሓሙሰ**

**ደሓን ወዓል ሑልኩስ ወዲ ሑልኩሰ!!!!!**

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ መኸተ ሁይስቶን